SALSAY WEYANE TIGRAY
/SAWET/

# 2015
# ደወል ብሄራዊ ሓደጋ!

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ

ሰነ፣ 2015 ኣ/ግ

መቐለ፣ ትግራይ

# መእተዊ

ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ስዒቡ ትግራይ ናብ ኣዝዩ ኢ-ተገማትን ተኣፋፍን ኩነታት ኣትያ ትርከብ። እቲ ንኣስታት ክልተ ዓመታት ክካየድ ዝፀንሐ ህልውና ናይ ምርግጋፅ ህዝባዊ ቃልሲ ስለዝተጨወየን ዕላማታት እቲ ቃልሲ ብዘሀግር ኣገባብ ስለዝተኸምበተን፤ ልዕሊ ዝኾነ እዋንን ኩነታትን መፃኢ ዕድል ህዝቢ ትግራይ ጥራይ ዘይኮነስ ህልውና ትግራይ ኣብ ከቢድ ሓደጋ ወዲቑ ኣሎ። እዚ ሓደጋ ብኸይዲ እናማዕበለ ናብቲ ሐዚ ዘለሉ ብርኪ ዝዓበየ ኮይኑ ቅድም ኢሉ መዋፅእ ስለዘይተነበረሉ፤ ከም ህዝብን ዓድን ዓይነ መርፍኡ ኣብ ዝጠፍኦ ኣዝዩ ተኺሳሓይ ኩነታት ንርከብ። ናይቲ ሐዚ ከም ህዝቢ ዘለናሉ ኣዝዩ ዝተሓላለኸን ዝተደራረበን ፀገም ፍልፍሉ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ወድቀት ዘንቀሎ እንትኸውን ግዳማውያን ተፃባእቲ ሓይልታት ድማ ነዚ ኩነታት መዝሚዞም ፀገማትና ኣብ ምግዳድን ምትሕልላኽን ይነጥፉ ከምዘለው ግሁድ እዩ።

ንልዕሊ ክልተ ዓመት ዝተኻየደ ኣዝዩ ደማዊ ኲናት ኣብ ፕሪቶሪያ ምስተኸምበተ ዕልባት ክግበረሎም ዝግባእ ዓበይቲ ፖለቲካዊ ሕቶታት ትግራይ ዝጎሲ ኩነታት ተፈጢሩ ኣሎ። ነቲ ሐዚ ዘለናሉ ኩነታት ኣብ ምፍጣር ሓይልታት ፅንተት ዝፈፀምዎ ገበን ፅንታ ከምዘሎ ኾይኑ፤ ፖለቲካዊ፣ ዲፕሎማስያውን ወተሃደራውን ስዕረት ህወሓት ናይ ኣምበሳ ብፅሒት ዝወስድ ኮይኑ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ፅንተት ማሕበረሰብ ዓለም ዝሃቦ ጠመተን ዝወሰዶ ስጉምትን ኣዝዩ ድሩት ብምንባሩ ናይ ባዕሉ ብፅሒት ከምዝውስድ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ከም ውፅኢቱ ኣብዚ እዋን ትግራይ መሰል ርእሰ ውሳንኣ ተሓዲጋ፣ ህዝባን ግዝኣታን ብወረርቲ ተጎቢጡ፣ ስርዓትን መንግስትን ፈሪስዋ፣ ቁጠብኣ ዳርጋ ብሙሉኡ በሪሱ፣ ብከቢድ ሰብኣውን ማሕበራውን ቅልውላው ዝተሃሰየትን ኣብ ትካቦ ማሕበረሰብ ዓለምን ፍቓድ ስርዓት ኢትዮጵያን ዝተመስረተ ህልውና ክህልዋ ዘገድድ ኩነታት ተፈጢሩ ኣሎ። ብድምር ትግራይ ኣብ ኣዝዩ ከቢድ ሓደጋ ብሄራዊ ህልውና ኣላ።

# 1. ህልው ኩነታት ኣብ ትሕቲ ወራርን ጎበጣን ዘሎ ህዝብን ግዝኣትን ትግራይ

ልዕሊ ሓደ ሲሶ ዝኸውን ህዝብን ግዝኣትን ትግራይ ብወረርቲ ሓይልታት ኣምሓራን ሰራዊት ኤርትራን ተጎቢጡ ኩሎም ዓይነታት ጥቕዓት ይበፅሖ ኣሎ። ምዕራብ ትግራይ፣ ክፋላት ደቡብን ሰሜን ምዕራብን ትግራይ ኣብ ትሕቲ ጎበጥቲ ሓይልታት ኣምሓራ፤ ንዝበዝሕ ክፋል ወረዳ ኢሮብን ከተማ ዛላምበሳን ሓዊሱ ብርክት ዝበላ ጣብያታትን ዓድታትን ምብራቕ፣ ማእኸላይን ሰሜን ምዕራብን ድማ ኣብ ትሕቲ ወራሪ ሰራዊት ኤርትራ ኣለዋ። እዞም ሓይልታት ህዝብናን ግዝኣትናን ወሪሮም ኣብ ኢዶም ዘለው ኩሎም መሳርሕታት ብምጥቃም ጥቕዓት እንትፍፅሙ ስርዓት ኢትዮጵያ ነዚ ደው ንምባል ዝኾነ ምንቅስቓስ ኣይገበረን ጥራይ እንተይኮነስ እዞም ጥቕዓታት ምፍፃሞም ብዘይሻራውያን ትካላት እንትረጋገፅ እውን ገበናትን ገበነኛታትን ብምክልኻል ኣካል እዞም ተግባራት ምኳኑ ብተደጋጋሚ ኣርእዩ እዩ። ብድምር ትግራይ ግዝኣታዊ ሓድነታ ተገማሚዑ፡ ህዝባ ኣደዳ ፍኑው መጥቃዕታት ወረርቲ ሓይልታት ስለዝኾነ፡ ብሄራዊ ህልውንኣ ልዕሊ ዝኾን እዋንን ኹነታታን ኣብ ሓደጋ ወዲቑ ይርከብ። በዚ መሰረት ሓይልታት ኣምሓራን ሰራዊት ኤርትራን ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዘብፅሕዎ ዘለው ጥቕዓታትን ዝወረርዎ ህዝብን ግዝኣትን ትግራይ ንምፅናዕ ዝፍፅምዎም ዘለው ተግባራትን ብዝርዝር ቀሪቡ ኣሎ።

## 1.1. ምዕራብ ትግራይ

ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዝተኣወጀ ፅንተታዊ ኲናት ምስተወለዐ ኣብ ሓፂር እዋን ኣብ ትሕቲ ወረርቲ ዝኣተወ ህዝብን ግዝኣትን እዩ። ሕዳር 2013 ኣ.ግ ኣብ ትሕቲ ሓይልታት ኣምሓራ ምስኣተወ ክሳብ ሎሚ ነፃ ዘይወፀን ግዳይ ዝተፈላለዩ ግፍዕታት ዝኸውን ዘሎን ህዝቢ እዩ። ምዕራብ ትግራይ ታሪኻውን ሕጋውን ኣካል ትግራይ ዋላኳ እንተኾነ ኣብቲ ዝሓለፈ ኹናት ብዝተፈጠረ ምዝባዕ ሓይሊ ሚዛን፣ ሓይልታት ኣምሓራ ብዝፈጠርዎ ናይ ሓሶት ሓቲትን ብኣውርኡ ኣብ ሰነድ ስምምዕነት ፕሪቶሪያ እዚ ጉዳይ ኽልተ ኣካላት ብማዕረ ዝብፅሖም "መዋጠጢ ቦታታት" ተባሂሉ ስለዝተጠቀሰ፤ ህዝብናን ግዝኣትናን ናይ ምምላስ ከይዲ ኣዝዩ ክተሓላለኽ ገይርዎ እዩ።

ሓይልታት ኣምሓራ ምዕራብ ትግራይ ናይ ኣምሓራ ግዝኣት ንምግባር ሰፋሕቲ ናይ ዴሞግራፊ ለውጢ፣ ፀጥታዊ፣ ፖለቲካውን ካልኦትን ስራሕቲ ይሰርሑ ኣለው። ምናልባት ምዕራብ ትግራይ ካብ ምምሕዳራውን ወተሃደራውን ቁፅፅር እዞም ሓይልታት ዝገላገለሉ ዕድል ዋላ እንተተፈጢሩ እቲ ኩነታት ንምዕራይን ንምስትኽኻልን ናብ ዘፀግመሉ ብርኪ ይዓቢ ከምዘሎ ምርዳእ የድሊ። ብወገን ሓይልታት ኣምሓራ ኣብ ምዕራብ ትግራይ ዝፍፀሙ ዘለው መነወርቲ ተግባራት ምናልባት ኣብ ሞንጎ ጎረቤት ህዝብታት ክህሉ ዝግባእ ዝተሓተ ብርኪ ዝምድና ከይህሉ ዝገብር እውን እዩ። ብምኳኑ እውን በዞም ሓይልታት ዝተፈፀሙን ዝቕፅሉን ዘለው ኢሰብኣውን ኣረሜኒያውን ተግባራት ምዕራብ ትግራይ ኣብ ኢዶም ክሳብ ዝሃልወ ዝቕፅል ከምዝኾነ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ብወገን ትግራይ ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ ብሓፈሻ ጉዳይ ምዕራብ ድማ ብፍሉይ ከም ቀዳማይ ብሄራዊ ዕማም ክሰርሕሉ ይግባእ። ምዕራብ ትግራይ ሓዊሱ ኣብ ኢድ ወረርቲ ሓይልታት ዘሎ ህዝብን ግዝኣትን ትግራይ ብሰናይ ፍቓድ ወረርቲ ሓይልታት ወይ ድማ ብድፍኢት ማሕበረሰብ ዓለም ጥራይ ክምለስ ኣይኽእልን። ስለዚ ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ ብዝምልከት ማዕረ ማዕረ ዝገጠመና ከቢድ ሰብኣዊ ቅልውላው ብኹሉ ትግራዋይ ኣቓልቦ ተዋሂብዎ እንተዘይተሰሪሕሉ ብሄራዊ ህልውና ትግራይ ናብ ሓደጋ ዘእቱ ኩነታት ይፍጠር ምህላው ግልፂ ክኸውን ኣለዎ።

### 1.1.1. ተግባራት ሓይልታት ኣምሓራ ኣብ ምዕራብ ትግራይ

#### 1.1.1.1. ናይ ዴሞግራፊ ለውጢ

ኩሉ ከምዝርድኦ ሓይልታት ኣምሓራ ኣብ ምዕራብ እግሮም ካብ ዘንበሩላ ቅፅበት ኣትሒዞም እዮም ኣብ ልዕሊ ህዝብና ሰይፎም መዚዞም ምጨፍጨፍ ዝጀመሩ። ኣብ ካባቢ ዳንሻ፣ ዲቪዥን፣ ባዕኸርን ሩዋሳን ዝነበሩ ገዳይም ተጋደልትን ስድሮኦምን ብጅምላ ተሓሪዶም። ኣብ ከተማ ማይ ካድራ ድማ ብፍላይ ብኣሽሓት ዝቑፀሩ ተጋሩ ብሓይልታት ኣምሓራ ተጨፍጪፎም እዮም። ከምኡ እናበለ ዕድመን ፆታን ከይፈለየ ናብ መላእ ምዕራብ ትግራይ ድማ ተባፂሑ። ብርክት ዝበላ ደቂ ኣንስትዮ ምዕራብ ትግራይ ብጉጅለ ተደፊረን። ሚልዮናት ድማ ካብ ዝተወለድሉ፣ ዝዓበይሉን ሃፍትን ንብረትን ካብ ዘጥረይሉ መረበቶም ተባሪሮም። ቆሮቆሮ፣ መስኮትን በርን ከይተረፈ እናተነቐለ ተወሲዱ። ከፍቲ ምዕራብ ትግራይ ከካብ ዝነበርኦ ንጎንደር ተኾኲበን። ሰሊጥን ምሽላን ሓዊሱ ኣዝዩ ብዙሕ ምህርቲ ሕርሻ ህዝብና ከም ሕሱም ተፃዒኑ። ፋብሪካታትን ትካላትን መንግስትን ውልቀን ዝተኸኣለ ተዘሚቱ ዝተረፈ ድማ ዓንዩ። ኣብቲ ኸባቢ ኣብ ስራሕ ዝነበራ ናይ ሕርሻ ማሽነሪታት ብእርይ ቁፅር ተወሲደን። ኣብያተ ትምህርትን ትካላትን ጥዕናን ሓዊሱ ብዙሓት ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ተዘሚቶምን ዓንዮምን። እዞም ገበናት ዝፈፀሙ ኣካላት ብኣውርኡ ፋኖ፣ ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራ፣ ካብ ሰሜን ጎንደር ናብ ምዕራብ ንስራሕ ዝመፁ ተቐማጦ (ወርቂ ዝኣርዩ፣ ፋይቶት፣ መዓልታዊ ሸቃሎ)፣ ኣምሓሩ ነበርቲ መዳበቡቲ ወረዳታት ምዕራብ ትግራይ፣ ኣባላት 'የወልቃይት ማንነት ኣስመላሽ ኮሚቴ'፣ ከምኡ እውን ሰራዊት ኤርትራን ኢትዮጵያን እዮም። እዞም ተግባራት ኣብ ካልኦት ክፋላት ትግራይ እውን ዝተፈፀሙ ዋላ እንተኾኑ ኣብ ምዕራብ ትግራይ ብዝለዓለ ብርኪ ዝተፈፀመ ምኳኑ ክፍለጥ ኣለዎ።

ኣብ ምዕራብ ትግራይ ናይ ዴሞግራፊ ለውጢ ንምምፃእ ብኽልተ ኣገባባት ኣቢሉ ዝፍፀም ኮይኑ፤ ሓይልታት ኣምሓራ ነዞም ተግባራት እንትውግኑ ካብ ስርዓት ኢትዮጵያ ዝኾነ ዓይነት ተቓውሞ ገጢምዎም ኣይፈልጥን። በቲ ሓደ ወገን ቁፅሪ ነባራይ ምዕራብ ትግራይ ትርጉም ናብ ዘይህልዎ ብርኪ ንምውራድ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ትግራዋይ ዘፈናቕሉ ኮይኖም፣ ዓሰርተታት ኣሽሓት ድማ ተቐቲሎም እዮም። በቲ ካልእ ሸነኽ ድማ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑፀሩ ሰፈርቲ ካብ ክልል ኣምሓራ ኣምፂእኻ ኣብ ምዕራብ ትግራይ ብምስፋር ኣቢልካ ዝውንን እዩ። ንዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ስርዓታዊ ብዝኾነ ከይድን ኣገባብን ኣብ ምዕራብ ትግራይ ምናልባት ኣማኢት ኣሽሓት ኣምሓሩ ሰፊሮም እዮም። እዞም ወገናት ገዛን መሬትን ዝዕደሎም ኮይኖም፤ ቀዲሙ

ዝነበረ ዋንነት መንበሪ ገዛን ተሓራሲ መሬትን ብምልዋጥ ነቶም ሓደሽቲ ሰፈርቲ ናይ ዋንነት ፍቃድ እናተወሃቦም እዮም ዝሰፍሩ ዘለው። እዚ ናይ ሰፈራ መደብ ኣቐዲሙ ዝተወጠነ ኮይኑ፤ ኣማኢት ኣሽሓት ንምስፋር ዝኸውን ቦታ መረፃ ብምውጋን ናይ ናይ ጥዕናን ማይን መሰረተ ልምዓት ብምስራሕ ናብ ተግባር ዝተኣተወ እዩ። እዞም ካብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ኣምሓራ ዝመፁ ሰፈርቲ ብፍላይ ድሕሪ ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ብኣዝዩ ብዙሕ ቁፅሪ ናብቲ ከባቢ ምእታው ዝቐፀሉ ኮይኖም፤ ኣቐዲሞም ይነበርሉ ካብ ዝነበረ ከባቢ ለቒቖም ናብ ምዕራብ ንክመፁ ሰፊሕ ጎስጓስ እዩ ዝግበረሎም። ናብ ምዕራብ ትግራይ ምስ ኣተው ድማ መጣየሺ ገንዘብ፣ ተሓራሲ መሬትን መንበሪ ገዛን ይዕደሉ ኣለው። ነዞም ሰፈርቲ ዝዕደል ዘሎ መንበሪ ገዛን ተሓራሳይ መሬትን ካብ ሕዳር 2013 ጀሚሩ ካብ ዘፈናቐልዎም ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ተጋሩ ዝተመንዘዐ እዩ።

እዚ ናይ ሰፈራ መደብ ድሕሪ ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ብበዝሒ ሰፈርትን ስፍሓትን ኣዝዩ ወሲኹ እዩ። ብፍላይ ካብ ወርሒ ለካቲት 2015 ጀሚሩ በቢ መዓልቱ ብኣሽሓት ዝቑፀሩ ተወልድቲ ኣምሓራ ብዓበይቲ መኻይን እናተፀዓኑ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ምዕራብ ክሰፍሩ ይግበር ኣሎ። እዞም ሰፈርቲ ኣብ ከተማታት ቆራሪት፣ ማይጋባ፣ ማይ ካድራ፣ ባዕኸር፣ ሩዋሳ፣ ሑመራን ካልኦተን ትኹረት ዝገበረ ኮይኑ፤ ኣብ ጣብያታት ደበሳይ ቆቋሕ፣ ማይ ጨዓ፣ ቤት ሙሉ፣ ዓዲ ፈረጅ፣ ዕጣኖ፣ መንበሪ ስራሕተኛታት ስኳር ፋብሪካ ኣብ ዝነበረ ካምፕን ካልኦት ከባብታትን ኣብ ምስፋር ይርከቡ። ናይዞም ሰፈርቲ ፀጥታን ድሕንነትን ዝሕሉ ናይ ፀጥታ ሓይሊ፣ ለበዳ ከይኽሰት ዝከታተል ናይ ሰብ ሞያ ጥዕና ጉጅለ፣ ባርዕ ወይ ቃፀሎ ሓደጋ ዝከላኸል ኣካል ተመዲብሎም እዮም ዝሰፍሩ ዘለው። ብተወሳኺ ናይ መንበሪ ገዛ ሕፀረት ከየጋጥም ኣብቶም ልዕል ኢሎም ዝተጠቐሱ ቦታትትን ካልኦትን ጊዝያዊ መፅለሊ ተዳልዩ ኣሎ።

ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ዝቑፀር ዝተፈናቐለ ከይምለስን ነዚ ዝኸውን ባይታ ከይህሉን ሓይልታት ኣምሓራ ብትኹረት ይሰርሕሉ ኣለው። ሓዱሽ መለለዪ መንነት ዓዲሎም ኣብ ስራሕ ካብ ዘውዕልዎ ዝፀንሑ ኮይኖም እቶም ሓደሽቲ ዝመፁ ሰፈርትን ናብ ምዕራብ ንስራሕ ዝመፁ ኣምሓሩን እውን ናይቲ ዞባ ነበርቲ ምዃኖም ዝገልፅ ሓዱሽ መለለዪ ካርዲ ክዕደሎም ተገይሩ እዩ። ብርክት ዝበሉ ናይ ተጋሩ ገዛውቲ ክፈርሱ ዝተገበረ ኮይኑ (ብፍላይ ኣብ ገጠራት)፣ እቶም ዘይፈረሱ መንበሪ ኣባይቲ ድማ ሰፈርቲ ኣምሓራ ክውንንዎም ተገይሩ እዩ። ብኻልእ መዳይ መረጋገፂ ሰነድ ዋንነት ገዛውቲ ተጋሩ ክቃፀልን ክጠፍእን ብምግባር ተመዘበልቲ ናብ

መንበሪ ቤቶም እንትምለሱ ሕጋዊ ሰነድ ስለዘይህልዎም ሕቶኦም ሕጋውነት ንምስኣን ዝግበር ዘሎ ውዲት እዩ። ስለዝኾነ እቶም ገዛውቲ ብምሻጥ ናብ ሳልሳይ ወገን ብምሕላፍ ናብ ሰብ ዋና ዝምለስሉ ከይዲ ክተሓላለኽ ይገብሩ ኣለው። እዚ ተግባር ኣብ ኩናት ምፍራስ ዩጎዝላቪያ ዘጋጠመ ኾይኑ፤ ብፍላይ ድማ ኣብ ቦስንያ ሄርዞጎብንያ ዝነበሩ ተቓለስቲ ሰርብ ብሓይልታት ቦስንያ ካብ ብዙሓት ቦታታት ምስተደፍኡን ኣቐዲሞም ዝሓዝዎም ግዝኣታት ምስ ሰኣኑን ብዙሓት ሰርባውያን ቤት ንብረቶም ራሕሪሖም ፎቆዶ ፋሕ ጭንግራሕ ምስ በሉን ገዛውቶም በቶም መጋጥምቶም ክተሓዝ ክኢሉ። ተጋጠምቲ ሓይልታት ናይ ሰላም ስምምዕነት ከቲሞም ኩናት ደው ምስበለ፤ ሰርብ ቦስንያውያን ድሕሪ ዓመታት ካብ ዝነበርዎ ናብ መረበቶም እንትምለሱ፡ ገዛውቶም ብሓደሽቲ ሰብ ዋና ተታሒዙ ረኺቦምዎ እዮም። ብመሸጣ ኣቢሉ ናብ ብዙሓት ወገናት ስለዝመሓላለፍ ናብቶም ሰብ ዋና ንምምላስ ኣፀጋሚ ኮይኑ እዩ። ከም ውፅኢቱ ድማ ብዙሓት ሰርብ ገዛውቶምን ንብረቶም ብምስኣኖም ናብ መረበቶም ክምለሱ ኣይከኣሉን።

እዚ ናይ ሰፈራ መደብ ብወገን ኣምሓራ ከም ስሩዕ መንግስታዊ ዕማም ተወሲዱ ብስፍሓት ይስርሑሉ ኣሎ። ብቐንዱ ድማ እዚ ተግባር ደው ክብል ካብ'ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ'፣ ፈራሚ ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ዝኾነ ህወሓት፣ ስርዓት ኢትዮጵያ ፣ ማሕበረ ሰብ ዓለም ጭቡጥ ፀቕጢ ወይ ስጉምቲ እንትውሰድ ኣይረኣይን። ስለዝኾነ ብወገን ኣምሓራ ዝፍፀም ዘሎ ዴሞግራፊ ናይ ምልዋጥ ተግባር፤ ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ ኢሉ እውን ብሄራዊ ህልውና ትግራይ ናብ ዝሓኸፍአ ሓደጋ ዘእቱ ምኺኑ ምርዳእ ወሳኒ እዩ።

#### 1.1.1.2. ፖለቲካዊ ተግባራት

ሓይልታት ኣምሓራ ናይ ሓባር ምርድዳእ ዝፈጠርሉ ዛዕባ እንተሃልዩ ካብ ትግራይ ዝመንዝዕዎም ከባብታት ብዝምልከት እዩ። ብዕጥቅን ብሰለማዊ መንገድን ዝቃለሱ ሓይልታት፣ መላፍንትን ተፃባእትን ስርዓት ኢትዮጵያ ዝኾኑ ውድባት፣ ኣብ ውሽጥን ደገን ዘለው ፖለቲካዊ ሓይልታት ብሓፈሻ ኣብ ጉዳይ ምዕራብ ትግራይን ካልኦት ዝተወረሩ ከባብታት ትግራይን ሓደ ዓይነት መርገፂ እዩ ዘለዎም። ኩሎም ዓይነታት ቃልሲ ብምጥቃም ኣብዚ ጉዳይ ተናቢቦም እዮም ዝሰርሑ ዘለው። ናይ ኣምሓራ ፖለቲካ ጠጠው ዝበለሉ ሽኻል ካብ ትግራይ ብዛዕባ ዝጎበጥዎ ህዝብን ግዝኣትን ብዝምልከት ስለዝኾነ ንዚ ንምዕናዕ ኩሉ ዓይነት መንገዲ ብምጥቃም ይቃልሱ ምህላዎም ናይ ኣደባባይ ሓቂ እዩ።

ሓይልታት ኣምሓራ ኣብ ዝሓለፉ ሰላሳ ዓመታት ኣብ ምዕራብ ትግራይ ብዝተፈላለየ ብርኪ ዝግለፅ ቃልሲ ይገብሩ ነይሮም እዮም። ብፍላይ ድማ ካብ 2007 ኣ.ግ ጀሚሩ ዝተፈላለዩ ኮሚቴታት ብምጥያሽ ህዝብን ግዝኣትን ትግራይ ናይ ምምንዛዕ ሕልሞም ንምግሃድ ኣሐይሎም ቀፂሎምሉ። ብወገን ትግራይ ንፖለቲካዊ ተቓላዕነት እቲ ከባቢ ዘይምጥን ኣዝዩ ትሑት ፖለቲካውን ምምሕዳራውን ትኹረት ኢሉ እውን ናይ መሰረተ ልምዓት ሕፀረት፣ ናይ ምሕደራን ፍትሕን ፀገማት፣ ናይ መሬት ሕቶታትን ካልኦት ኣብ ምዕራብ ትግራይ ብፍሉይ ዝረኣዩ ፀገማትን ንምቅላል ዝተገበረ ጭቡጥ ምንቅስቃስ ስለዘይነበረ እቲ ዝተፈጠረ ፀገም እናተሓላለኸን ኣብ ህዝብና ድማ ኣሉታዊ ስሚዒት እናዓበየን ከይዱ እዩ።

ምዕራብ ትግራይ ኣብ መጀመሪያ ሰሙናት ሕዳር 2013 ኣ.ግ ኣብ ትሕቲ ጎበጥቲ ምስኣተወ፤ ሓይልታት ኣምሓራ ኣሸበሸብ እዮም ናይ ባዕሎም ምምሕዳር ተኺሎም። እዚ ዝተተኸለ ሓዱሽ ምምሕዳር እቲ ካብ ግዱድ ምምዝባል ዝተረፈ ህዝብና መንነቱ ክልውጥ፣ ትግራዋይነቱ ክኸሕድን ክፀልእን ሰፋሕቲ ጎስጓሳት ኣብ ምግባር ተፀሚዱ ኣሎ። ኣብ ልዕሊ ትግራይን ትግራዋይነትን ብሹመኛታት ኣምሓራ እቲ ዘባ ሰፊሕ ናይ ምፅልእላእ ዘመተ ይግበር ኣሎ። ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ኣብቲ ከባቢ ዝተፈፀሙ ምምሕዳራዊ በደላትን ብፍላይ ምስ ዕደላ መሬትን ዝርገሐ መሰረተ ልምዓትን ዝነበሩ ሰፋሕቲ ፀገማት ከም ፖለቲካዊ መሳርሒ ብምጥቃም ኣብ ህዝብና ዘይተደለየ ስሚዒት ክፍጠር ይሰርሑ ኣለው። ትግራይን ትግራዋይነትን ፍልፍል ኣብቲ ከባቢ ዝተፈጠሩ ፀገማት ምዃኖን መፍትሒ ድማ ዓድኻን መንነትካን ብምግዳፍ ሓዱሽ ናይ ኣምሓራ መንነት ምልባስ ምዃኑ ብስፍሓት ይሰርሕሉ ኣለው።

ሓድነት ህዝቢ ምዕራብ ትግራይ ብምሽርሻር ንናይ ሓይልታት ኣምሓራ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ምንቅስቓሳት ተቓላዓይ ንምግባር ኣሐይሎም ይዓምሉ ኣለው። ቆላን ደጉዓን ዝብል ኣፈላላይ ብምፍጣር እቲ ሓደ ናይ ኣምሓራ መንነት ከምዝተቐበለ ኣምሲልካ ብምቕራብ ነቲ ካልእ ድማ ኣብ ትግራዋነቱ ከምዝፀንዐ ዝብል ምስሊ ብምፍጣር ሕድሕዳዊ ፍልልይን ምጥርጣርን ንኽዓቢ ብስፍሓት ይነጥፍሉ ኣለው። ካብዚ ወፃኢ ኣብ መንጎ ህዝቢ ምዕራብ ትግራይ ዘይዛረ ሕድሕዳዊ ጎንፂ ንምፍጣር ኢሉ እውን ኣካል እቲ ናይ ሰፈርቲ ውራ መሬት ንምግባር ንውሱናት ነበርቲ ምዕራብ መሬት ዕደላ ይፍፀም ኣሎ። እዚ ተግባር በቲ ሓደ ወገን ምስቶም ካብ ኣምሓራ ዝመፁ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑፀሩ ሰፈርቲ ኣዛኒቖም ብምስፋር ኣሰፋፍራ ህዝቢ ዘባ ምዕራብ ብምልዋጥ መንነቱ ንምህሳስን ንምጥፋእን ዝዓለመ ኮይኑ፤ በቲ ኻልእ ወገን ኣብ መንጎ መሬት ዝተዓደሉን

ዝተወሰዶምን ተጋሩ ጎንፂ ብምቁስቛስ ሓድነትን ስምረትን ህዝብና ንምዝራግ ዘንቀደ እውን እዩ። ብተወሳኺ ናብ ካልኦት ከባቢታት ምዕራብ ትግራይ ክሰፍሩ ዝግደዱ ነበርቲ እቲ ዞባ "ዝምለስ ተመዛባላይ የለን"፣ "መሬትኩም ሓዙ" ብዝብል ናይ ሽፈጥ ጎስጓስ ዝውገን ኮይኑ፤ ንምርመራን ካልእን ናይ ደገ ተዓዘብትን መርመርትን ናብቲ ኸባቢ ዝመፅሉ ዕድል ተሃልዩ "ትግርኛ ተዛረብቲ ኣለው፡ ገበን ሰሪሑ ዝሃደመ እምበር ዝተባረረ ትግርኛ ተዛራባይ የለን" ዝብል ናይ ሓሶት ተረኽ ብምፍጣር ገበናቶም ንምሽፍፋን ዝሰርሕዎ ዘለው ሓደገኛ ተግባር እውን እዩ።

ብትግርኛ ዝግለፁን ዝፅውዑን መፀውዒታት፣ ምልክታትን ኣስማትን ምጥፋእን ካልእ ሓይልታት ኣምሓራ ብስፍሓት ዝወፈርሉ ተግባር እዩ። ናይ ቦታታት ሽም ምልዋጥ፡ ደበሳይ ቆቛሕ ናብ ዙፋን፣ ማይ ጨዓ ናብ ለምለም ብምልዋጥ ሓዱሽ ስያመ ክሕዙ ተገይሩ እዩ። ብኣውርኡ ድማ ምዕራብ ትግራይ፡ "*ወልቃይት ጠገዴ ሰቲት ሁመራ ዞን*" ብዝብል ስያመ ለዊጦምዎ ኣለው። ናብ ስራሕ ዝኣተው ውሱናት መንግስታዊ ግልጋሎታት እውን ብቋንቋ ኣምሓርኛ እዩ ዝወሃብ። ንኣብነት፡ ትምህርቲ ኣብተን ዘይዓነዋ ውሱናት ኣብያተ ትምህርቲ ንምጅማር ዝፈተኑ ኮይኖም፤ ትምህርቲ ዝወሃበሉ ቋንቋ ድማ ኣምሓርኛ እዩ። ኣምሓርኛ ዘይዛረቡ ህፃናትን ሰገናትን ኣምሓርኛ ክዛረቡ ስለዝግደዱ መብዛሕቲኦም ተምሃሮ ትምህርቲ ኣቋሪፆም እዮም። ኣብተን ኣብያተ ትምህርቲ ዝነበሩ ናይ ትግርኛ መምህሪ መፃሓፍቲ፣ መምህሪ ሓገዛትን ካልኦትን ናይ ትግርኛ ፅሑፋትን ተኣኪቦም ክቃፀሉ ተገይሩ እዩ።

#### 1.1.1.3. ፀጥታዊ ስራሕቲ

ሓይልታት ኣምሓራ ብሓይሊ ዝገበጥዎም ህዝብን ግዝኣትን ትግራይ *"ሚሊታራይዝ"* ኣብ ምግባር ተፀሚዶም ኣለው። ኣብዞም ኸባቢታት ብፍላይ ኣብ ምዕራብ ትግራይ ልዕሊ ዓቕን ናይ ኣፅዋር ዝውውርን መሸጣን ክህሉ ብምግባር ናይ ኣፅዋር ንግዲ ማእኸል ኮይኑ እዩ። ነዚ ኩነታት ዘበኣኣሰ ድማ ናይቲ ክልል ፍሉይ ሓይሊ ናይ ምፍራስ መደብ ኣብ ዝፍፀመሉ እዋን እቲ ኣዝዩ ዝበዝሐ ሓይሊ እቲ ክልል ኣብ ምዕራብ ትግራይ ስለዝነበሩ ዕጥቁ እናሸጠ እዩ ወፂኡ። በዚ ምኽንያት ኣዝዩ ብዙሕ ኣፅዋር ብሕሳር ዋጋ *ስቪልያን* ገዚኦም ክዕጠቕዎ ተገይሩ እዩ። ብተወሳኺ ሹመኛታት ክልል ኣምሓራ እቲ ከባቢ ድማ ኩሉ ሰብ ክዕጠቕን ንውግእ ድልው ክኾውንን ዘየቛርፅ ጎስጓስ ይገብሩ ስለዝነበሩ ቁፅሩ ዘይነዓቕ ነባራይ እቲ ዞባ ስግኣት ክሓድሮን ክዕጠቕን ደፋፊእዎ እዩ። እዚ ጎስጓስ "ከፍትኹም ሸይጥኩም ተዓጠቑ" ብዝብል ብስፍሓት ዝቕፅል ኮይኑ

ነባራይ ዞባ ምዕራብ ናብ ዝተ*ጋ*ነነ ናይ ፀጥታ ስግኣት ብምቕሳብ ጥሪቱ ሸይጡ ክዕጠቕን ንኒባዕሉ ክዓነፅን ክዳመን ዝተኣለመ ሽርሒ እዩ። ምስዚ ተዛሚዱ ኣብ ናይ ምውጋእ ዕድመ ኽልል ዘሎ ብሓፈሻ መናእሰይ ድማ ብፍላይ ክመፅእ ንዝኽእል ውግእ ንምክልኻል ተኸታተልቲ መድረኻት ብምድላው ናይ ተዓጠቕ ወፍርታት ኣሐይሎም ቀፂሎምሉ ኣለው።

ካብ ወርሒ ሚያዝያ 2015 ኣ.ግ ጀሚሩ ድማ ንሰፈርቲ ኣምሓራ ስሩዕ ወተሃደራዊ ስልጠና ኣብ ምሃብ ተፀሚዶም ኣለው። ዕድሚኦም ዝፈቕደሎም ሰፈርቲ ኣካል እቲ ወተሃደራዊ ስልጠና ብምግባር ንውግእ የዳልውዎም ኣለው። እዚ ወተሃደራዊ ስልጠና ብላዕላዋይነት ኣመራርሓ ሰራዊት ኤርትራ ዘተሓባብርዎ ኮይኖም ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ምዕራብ ትግራይ እዩ ዝሳለጥ ዘሎ። ምስዚ ተታሓሒዙ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ግንቦት ብሓይልታት ኣምሓራ ኣቢሉ ኣብ ምዕራብ ትግራይ ንዝነብረ ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ዝተዳለወ ዓብዪ ድግስ፤ መራሕቲ ሰራዊት ኤርትራ ናይ ትግራይ ሓይሊ ናብ ምዕራብ ትግራይ ክኣቱ እንተፈቲኑ ጣልቃ ከምዝኣትው ተመፃቢያም እዮም። ንምዕራብ ትግራይ ዘመሓድሩ ዘለው ሹመኛታት ክልል ኣምሓራ ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ ከተማታት እቲ ዞባ ኣብ ዘዳለውዎ መናእሰይ ናይ ምልዕዓል መድረኻት፡ ኣብ ኤርትራ ሰራዊት ከምዘስፈሩን ብወገን ሓይልታት ምኽልኻል ትግራይ ውግእ እንተተኸፊትሎም ወይ ድማ ምዕራብ ትግራይ ኣካል ትግራይ ናይ ምግባር ከይዲ እንተሃልዩ ሰራዊት ኤርትራ ከምዝድግፎምን ብግልፂ ተዘሪቦም እዮም።

ምዕራብ ትግራይ ናይ ደማዊ ኩናት ማእኸል ንምግባር ሰላማዊ ነባሪ እቲ ዞባ ክዕጠቕ ብገፊሑ ሰሪሖምሉ እዮም። ከም ውፅኢቱ ድማ ብርክት ዝበለ *ስቪል* ነባሪ እቲ ዞባ ክዕጠቕ ክኢሉ እዩ። እዚ ብወገን ኣምሓራ ዝጥጃእ ዘሎ ናይ ተጋሩ ኣርማጌድዮን፡ ነቲ ፀገም ዝምጥን መፍትሒ እንተዘይተነቢረሉን ዘላቒ መፍትሒ ብዘውሕስ ኣገባብ እንተዘተታሒዙን ውፅኢቱ ሓደገኛ እዩ።

### 1.1.1.4. ምጥፋእ ኣሰራት ገበን

ኣሰር ገበናት ምጥፋእ እቲ ኻልእ ዓብዪ እዋናዊ ውራይ ሓይልታት ኣምሓራ እዩ። በቲ ንኽልተ ዓመትን ልዕሊኡን ዝቐፀለ ዝምታን ብርሰትን፣ ቅንፀላን ፆታዊ ዓመፅን ተሓታትነት ከይሰፍን ኩሎም ኣሰራትን ምልክታትን ገበናት ኣብ ምፍጥፋእ ይርከቡ። ዝዓነው ገዛውቲ መሉእ ንሙሉእ ብምፍራስ ዝተሰርሐ ገዛ ከምዘይነበረ ምምሳል፣ ብዝተወሰነ መልክዑ ዝፈረሱ ኣባይቲ ድማ ንሰፈርቲ ኣምሓራ ብምዕዳል ክሰፍርዎ ምግባር፣

ጅምላ መቃብራት ብምፍሓር ሬሳታት ምቅፃል፣ ኩሎም ዓይነታት ናይ ትግርኛ ሰነዳት ምጥፋእን ምቅፃልን፣ ተበዲለ ዝብል ዝኾነ ኣካል ምቕታልን ምብራርን ዝበሉን ካልኦትን ገበናት ኣብ ምፍፃም ይርከቡ።

### 1.1.1.5. ዝቐፀለ ምፅናት ዓሌት

ድሕሪ ፕሪቶሪያ ሓይልታት ኣምሓራ ትኹረት ገይሮም ዝዓምሉ ዘለው ጉዳይ ኣብ ምዕራብ ትግራይ ዝተረፈ ትግራዋይ ምቅታልን ምብራርን እዩ። እዚ ተግባር ኣብ መወዳእታ ወርሒ ግንቦት 2015 ኣ.ግ ዝወፀ ናይ "Human Rights Watch" ፀብፃብ ብዝርዝር ሰፊሩ ኣሎ። ከምዝፍለጥ ጥቅምቲ 2014 ኣ.ግ. ሓይልታት ምክልኻል ትግራይ ኣብ ኣምሓራን ዓፋርን ዝወጠኖ ወተሃደራዊ ወፍሪ ንቅድሚት ይግስግስ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፤ ሓይልታት ኣምሓራ ኣብ ምዕራብ ዝነበረ ህዝብና ከም ብሓዱሽ ናብ ምጨፍጨፍ፣ ምብራርን ምእሳርን እዮም ኣትዮም። እዞም ሓይልታት ካብ 12-65 ዕድመ ክልል ዘሎ ወዲ ተባዕታይ ብጅምላ እንትኣስርዎ፤ ካብዚ ወፃኢ ዘለው ማለት እውን ደቂ ኣንስትዮ፣ ህፃናትን ሽማግለታትን ንብረቶም እናመንዝዑ ናብ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ ኣባረሮምዎም እዮም። ኣብቱ እዋን ዝተኣሰሩን ኣብቲ ዝተገለፀ ክሊ ዕድመ ዘለውን ምናልባት ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑፀሩ ተጋሩ ዛጊድ ሃለዋቶም ኣይፍለጥን። ብሰኣን መድሓኒት፣ ፅምኢ፣ ጥምየት፣ መሰክሒ ኣተሓሕዛን ካልኦት ምኽንያታትን ብዙሓት ወገናት በቢ ግዚኡ ህይወቶም ዝሰኣኑ ኮይኖም እቶም ዝተረፉ ግን ምናልባት ተጨፍጪፎም ክኾኑ ከምዝኽእሉ ይግመት። ምኽንያቱ ብዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ካብቲ ቤት ማእሰርቲ ካብ ዝወፁ ኣዝዮም ውሑዳት ወገናት ወፃኢ ሃለዋት ናይቶም ኣዝዮም ዝበዝሑ ኣይፍለጥን።

እዞም ሓይልታት ኣብዚ ቀረባ እዋን ዝፍፅምዎ ዘለው ቅትለትን ኣገባብ ኣፈፃፅምኡን ኣዝዩ ዘደንፁ እዩ። ኣሰር ናይ መወትቲ ከይረከብን ጥይት ከየባኽኑን ኣሲሮም ናብ ተከዘ ብምጥላቕ ዝፍፅምዎ ዝነበሩ ግፍዓዊ ኣቀታትላ ሩባ ተከዘ ባዕሉ ሰለዘቃልዖም (ሬሳ መወትቲ ኣብ ሱዳን ብበዝሒ ምርኣይ ስለዝጀመረ)፤ ምስ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ ናብ ዘዳቡቡ ቦታታት ኣምፂኦም ምቕታል ጀሚሮም ኣለው። ለካቲት 2015 ኣ.ግ 12 መናእሰይ ምዕራብ ትግራይ በቲ ኣቐዲሙ ዝተበሃለ መንገዲ ቀቲሎሞም እዮም። ብተወሳኺ ግንቦት 2015 ኣ.ግ ጥራሕ ልዕሊ 30 ሰላማውያን ተጋሩ ኣብ ምዕራብ ትግራይ ብጎበጥቲ ሓይልታት ኣምሓራ ተቐቲሎም እዮም። ካብዚ ወፃኢ ዝተፈላለዩ ምስምሳት እናፈጠሩ ዝቐትልዎን ዝኣስርዎን ወገንና ቁፅሩ ብዙሕ እዩ። ኣዴታትን ደቂ ኣንስትዮን እቲ ዘባ ዝተፈላለዩ ምስምሳት ብምፍጣር ዝድፈራ፣ ዝእሰራን ንብረተን ዝውረራን

ቁፅረን ብዙሓት እየን። ብፍላይ *"ሰላም ኣስከባሪ"* ብዝብል ስያመ ዝፍለጡ ኣባላት ፋኖ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ምዕራብ ትግራይ ዝፍፅምዎ ዘለው ግፍዒ ብልክዑ ንምቕማጥ ዘፀግም እዩ።

### 1.1.1.6. ዝምታን ዕንወትን ሃፍትን ጥሪትን

ዳርጋ ኩሎም ማሕበራዊ ኣገልግሎት ወሃብቲ ትካላት ዝዓነውን ዝተዘመቱን ኮይኖም፤ እቶም ዝተረፉ ኣዝዮም ውሑዳት ሓላዊ ሰለዘይብሎም ይዝመቱን ይበርሱን ኣለው። ኣብያተ ትምህርቲ፣ ሞያ መሰልጠኒ ማእኸላት፣ ጥዕና ጣብያታት፣ ናይ ሕርሻ ኤክስተንሽን ማእኸላት፣ ሆስፒታልን ካብ ውሱናት ከተማታት እቲ ዘባ ወፃኢ ኩሎም ዓንዮምን ተዘሚቶምን እዮም። ጠቕሊልካ እንትርአ ትካላት ጥዕናን ትምህርትን ሙሉእ ንሙሉእ ብዝበሃል ብርኪ ዝዓነው'ኳ እንተኾኑ፤ እቶም ውሑዳት ትካላት እውን መንነታዊ ለውጢ ናይ ምምፃእ መሳርሒ ኮይኖም ከገልግሉ ይግበር ከምዘሎ ምርዳእ የድሊ። ብኻልእ ወገን ከፍቲ ምዝማት ብስፍሓት ዝተዋፈርሉ ተግባር እዩ። ዕጡቓት ኣምሓራ ካብ ምዕራብ ትግራይ ሓሊፉ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ለካቲት 2015 ኣ.ግ ናብ ዞባ ሰሜን ምዕራብ ብምምፃእ ካብ ኣድያቦ ሓረስቶት ቀቲሎም ልዕሊ 300 ከፍቲ ዘሚቶም ኣብ ከተማ ማይጋባ ብጨረታ ሸይጠምወን እዮም። ብተወሳኺ እውን ናብ ከባቢ ኣድያቦ ብተዳጋጋሚ እናሰገሩ ብባህላዊ መንገዲ ወርቂ ካብ ዝርኣዩ ወገናት ወርቂ መንዚዖም እዮም።

## 1.2. ደቡብ ትግራይ

ብርክት ዝበሉ ወረዳታት ደቡብ ትግራይ ኣብ ትሕቲ ወረርቲ ሓይልታት ኣምሓራ ካብ ዝኣትው ብዙሓት ኣዋርሕ ሓሊፎም። እዞም ሓይልታት ደቡብ ትግራይ ምስሓዙ ብዙሓት ወገናት ኣገዲዶም ዘበረሩ ኮይኖም (ብፍላይ ካብ ከተማ ኣላማጣ)፤ ብጣዕሚ ብዙሓት ነበርቲ ዞባ ደቡብ ድማ በዞም ሓይልታት ተቐቲሎም፣ ተኣሲሮምን ተጨውዮምን እዮም። ኣብ ደቡብ ትግራይ ዝነብር ህዝብና በዞም ሓይልታት ዝወርዶ ዘሎ ኣደራዕን መከራን ኣዝዩ ዘሻቕል ኮይኑ ካብ እዋን ናብ እዋን ድማ እናተጋደደ እዩ ኸይዱ። እቲ ብጣዕሚ ዘደንቁ እዞም ሓይልታት ኣብ ከተማታት ኣላማጣን ኮረምን ዝነብር ህዝብና *"ኣምሓራይ'ዮ"* ኢሉ ሰላማዊ ሰልፊ ክገብር ኣገዲደምዎ ምንባሮም እዩ። ሓዱሽ መለለዪ መንነት ብምዕዳል ህዝብና ተገዲዱ ካልእ መንነት ክቕበል ይሰርሕሉ ኣለው። ካብዚ ወፃኢ ካብቲ ዝተረፈ ክፋል ትግራይ ወራር ከጋጥም እዩ ብዝብል ምስምስ ሓይልታት ኣምሓራን ኣብቲ ከባቢ ዘቐምጥዎም ሹመኛታትን ነቲ ሰላማዊ ነባራይ የዕጥቕዎ ኣለው።

ሓይልታት ኣምሓራ ብሓይሊ ዝሓዝዎ ህዝብን ግዝኣትን ትግራይ ንምፅናዕ ዝተፈላለዩ ተግብራት ኣብ ምፍፃም ተፀሚዶም ኣለው። ኣብ ወርሒ ሰነ 2015 ኢ.ግ ናይቲ ብሓይሊ ዝሓዝዎ ህዝብናን ግዝኣትናን በጀት ናብ ክልል ኣምሓራ ክዛወር ናብ ቤት ምኽሪ ፌድሬሽን ሓቲቶም እዮም። ብኻልእ መዳይ ኣባላት ኤምባሲ ኣሜሪካ ናብቲ ከባቢ ዑደት ኽገብሩ ብምምችቻው ዝሳበጥዎ ግዝኣትን ህዝብን ዲፕሎማስያዊ ድጋፍ ክሸምትሉ ይሰርሑ ኣለው።

ህዝቢ ደቡብ ትግራይ ነቲ ጎበጣ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ተቓውምኡ ስለዘስምዕ ሰፊሕ ማእሰርቲ፣ መጭወይትን ቅንፀላን ኣሎ። ብፍላይ ኣብ ከተማ ኣላማጣ ብሓይልታት ኣምሓራ ብዙሓት መናእሰይ እታ ኸተማ ተቐንፂሎም እዮም። "ምስ ወያነ ትሰርሕ ኢኻ" ፣ "ተጋሩ ኢና ትብል ኢኻ"፣ "ባንዳ ኢኻ" ተባሂሉ ዝእሰር፣ ዝግረፍን ኢሉ እውን ዝቕንፀለን ወገን ቁፅሩ ቀሊል ኣይኮነን። ኣብ ትሕቲ ሓይልታት ኣምሓራ ዘለው ወረዳታት ዞባ ደቡብ ዝፍፀሙ ዘለው ጥቕዓታት፤ ዴሞግራፍያዊ ሚዛን ናይ ምልዋጥ ተግባራትን ፖለቲካዊ ስራሕትን ብስፍሓት ይውገኑ ኣለው።

## 1.3. ሰሜን ምዕራብ (ፀለምቲ)

በቲ ድሒሩ ዝወፀ ናይ ትግራይ ኣወዳድባ ኣብዚ ከባቢ ንከተማ ማይ ፀብሪ ሓዊሱ ሰለስተ ወረዳታት ኣለዋ። እዘን ወረዳታት ነሓሰ 18/2014 ኣ.ግ. ብዝተጀመረ ካልኣይ ወራር ጥቅምቲ 2015 ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ሓይልታት ኣምሓራ ዝኣተዋ ኮይነን፤ ኣብዘን ወረዳታት ዝነብር ህዝብና ከበድቲ ግፍዕታት ይፍፅምሉ ኣለው። ጅምላዊ ቅተለት፣ ዝምታ፣ ዓመፅ ደቂ ኣንስትዮ ብስፍሓት ብፍላይ መጀመሪያ ክኣትው ከለው ዝፈፀሙ ኮይኖም ክሳብ ሐዚ እውን ደው ኣይበለን።

ሓይልታት ኣምሓራ ፀለምቲ ምስተቆፃፀሩ ግዘ ከይወሰዱ ናይ ባዕሎም ምምሕዳር ኣጣይሾም። እዚ ካብ ወረዳ ክሳብ ጣብያ ዝተዘርገሐ ምምሕዳር፤ ዳርጋ ሙሉእ መሓውር እቲ ዘጣይሽዎ ምምሕዳር ካብ ኣምሓራ ብዝመፁ ሰባት እዩ ተታሒዙ። ኣብ ገጠር ጣብያታት ከይተረፈ ካብ ኣምሓራ ብዝመፁ ኣምሓርኛ ተዛረብቲ የመሓድርዎ ኣለው። ሰራሕተኛታት መንግስቲ (ስቪል ሰርቫንት) እውን ብተመሳሳሊ እቶም ዝፀንሑ ተባሪሮም ሓደሽቲ ካብ ኣምሓራ መፂኦም ክሕዝዎ ተገይሩ። መምህራን፣ ሓኻይም፣ ፖሊስ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣብያተ ዕዮ ዘገልግሉ ሰብሞያን ካልኦትን ካብ ክልል ኣምሓራ ዝመፁ እዮም።

ኣብ ከባቢ ፀለምቲ መንነት ናይ ምልዋጥ ስራሕቲ ብሰፊሑ ተሰሪሑ እዩ። ብውሱን መልክዑ ኣብ ቀረባ እዋን ናብ ስራሕ ዝኣተዋ ውሱናት ኣብያተ ትምህርቲ ብፍላይ ኣብ ከተማ ማይ ፀብሪ ናይ ትምህርቲ ቋንቋን ስርዓተ ትምህርቱን ብኣምሓርኛ ክኸውን ተገይሩ እዩ። መምህራን ካብ ክልል ኣምሓራ ዝመፁ ስለዝኾኑ ዝኾነ ተምሃራይ ትግርኛ ከይዛረብ ስለዘገድዱ፤ መብዛሕቲኦም ተምሃሮ ነቲ ትምህርቲ ጠንጢኖምዎ ወፂኦም እዮም። መብዛሕቲኦን ናይ ሕክምና ማእኸላት ዝዓነዋ እንተኾና፣ ብውሱን መልክዑ ኣብ ቀረባ ስራሕ ዝኣተወ ሓፈሻዊ ሆስፒታል ማይ ፀብሪ ዝተመደቡ ሓኻይም ዳርጋ ኩሎም ካብ ኣምሓራ ዝመፁ እዮም። ፖላዊስ እውን ካብቲ ኽልል ዝመፁ ኮይኖም በቢ ግዚኡ ብዙሓት ግፍዕታት ይፍፅሙ ኣለው። ኣብቲ ዝተኸልዎ ሓዱሽ መንግስታዊ መሓውር ዘለው ኣመሓደርቲ፣ ከንቲባ፣ ሓለፍቲ ኣብያተ ፅሕፈትን ሰራሕተኛታትን ብመንግስቲ ክልል ኣምሓራ ዝተመደቡ ስለዝኾኑ ኣገልግሎት ብኣምሓርኛ እዩ ዝወሃብ።

ሓይልታት ኣምሓራን ናብ ከተማ ማይ ፀብሪ እንትኣትው ካብ ምዕራብ ትግራይ ተመዛቢሎም ኣብታ ከተማ ዝተዓቐቡ ልዕሊ 32,000 ተመዛበልቲ ነይሮም። "ካብ ምዕራብ ትግራይ ተመዛቢልና እናበልኩም ሽም ኣምሓራ ተደይኑ ኣለኹም" ብዝብል ምኽንያትን ኣካል ኣብቲ ከባቢ ዝነጥፍሉ ዘለው ዴሞግራፊ ናይ ምልዋጥ ዕማምን ገበናቶም ናይ ምሕባእን ተግባራትን ብምግባር ነዞም ተመዛበልቲ ካብቲ ዝተዓቖብሉ ካባቢ ኣውፂኦም ኣባሪሮምዎም እዮም። ብኻልእ ሸነኽ እቲ ዝፀንሐ ናይ ትግራይ መለለዪ ካርድ ምሓዝን ምጥቃምን ዓብዪ ገበን እዩ። ኣብ ክንድኡ ነብሰ ወከፍ ነባራይ ወረዳታት ፀለምቲ ናይ ኣምሓራ መለለዪ መንነት ክሕዝ ይግደድ። ናይ ኣምሓራ መለለዪ መንነት ዘይብሉ ረዲኤት ኣይረክብን፣ ንብረቱ ይዝመት፣ ኣብ ኬላ ይተሓዝን ካልኦት በደላትን ክበፅሕዎ ይኽእል። ናይ ኣዳባባያት፣ ኣብያተ ፅሕፈታትን ጣብያታትን (ማይፀብሪ) ስያመ ይልውጥዎ ኣለው። መፀውዒ ንግዲ ትካላት ድማ ናብ ኣምሓርኛ ይልወጥ ኣሎ። ብድምር እቶም ዝተጠቐሱ ውሱናት ኣብነታት ሓይልታት ኣምሓራ ናይ ዴሞግራፊን መንነትን ለውጢ ንምምፃእ ዝገብርዎም ዘለው ብርክት ዝበሉ ተግባራት ብውሑዱ ዝቐረቡ እዮም።

ሃፍቲ ተፈጥሮ እቲ ከባቢ ብዝተወደበ መንገዲ ምዝማትን ምጉሓልን ብሰፊሑ ይሰርሕሉ ኣለው። መናእሰይ ኣምሓራ ተወዲቦም ኣብ ወረዳ ፀለምቲ ጣብያ ማይ ዓይኒ ዘሎ ሓሸዋ እናወፅኡ ናብቲ ክልል ይወስድዎ ኣለው። ወርቅን ንእምነ በረድ ዝኾነ ጥረ ኣቕሓን እውን ብተመሳሳሊ ኣገባብ ይጎሓል ኣሎ። ሓይልታት

ኣምሓራ ዓቕሞም ሙሉእ ኣዋፊሮም ተፈጥሮኣዊ ፀጋታት ፀለምቲ ኣብ ምጉሓል ተፀሚዶም ከምዘለው ክፍለጥ ኣለዎ።

ከምዝፍለጥ ሓይልታት ኣምሓራ ናብ ወረዳታት ፀለምቲ እንትኣው ብርክት ዝበለ ህዝቢ ተመዛቢሉ እዩ። እዚ ቤቱን ጥሪቱን ገዲፉ ዝተመዛበለ ወገን ጥሪቱ በዞም ወረርቲ ሓይልታት ተጓሒሉ እዩ። ኣብ ከተማ ማይ ፀብሪ ብርክት ዝበለ ነባራይ ካብቲ ከተማ ስለዝወፀ ባዶ ዝረኸብዎ ኣባይቲ ምስ ፀለምቲ ካብ ዝዳበው ከባብታት ዝመፁ ኣምሓሩ ይሰፍርዎ ኣለው። ማሕበራውን ቁጠባውን ምንቅስቃስ እቲ ኸባቢ ኣዝዩ ዝተገደበ ኾይኑ፤ ሸቀጣሸቀጥ ከምፅኡ ናብ ክልቲኡ ሸነኽ (ሽረን ጎንደርን) ዝመላለሱ ተጋሩ ነጋዶ ብዕጡቓት ኣምሓራ ገንዘቦምን ንብረቶም ይዝመቱ። ብኻልእ መልክዑ ኣብ ገፀራት ፀለምቲ ግድድ ዝበለ ናይ ከፍቲ ስርቂ ኣሎ። እዚ ተግባር ዝፍፅሙ ዘለው ካብ መዳውቲ ወረዳታት ጎንደር ዝመፁ ዕጡቓት እዮም።

## 1.4. ኣብ ትሕቲ ሰራዊት ኤርትራ ዘሎ ህዝብን ግዝኣትን ትግራይ

ሰራዊት ኤርትራ ካብ ሰሜን ምዕራብ ጀሚሩ ክሳብ ምብራቕ ትግራይ ኣብ ዘለው መዳውቲ በታታት ብርክት ዝበሉ ጣብያታታን ዓድታትን ተቖፃፂሩ ኣሎ። ኣብ ሰሜን ምዕራብ ንከተማ ባድመ ሓዊሱ፣ ምልፃይ፣ ማይ ሓፂናይ፣ ዛግር፣ ልጅ ማርያም፣ ዓዲ ኣሰር፣ ገዛ ተጋሩ፣ ደንበ ጊዳሞ፣ ሰንበል፣ ገምሃሎ፣ ዳል ገምሃሎ፣ ዓዲ ፀፀርን ካልኦት በታታን ብሓይሊ ሒዝዎ ይርከብ። ኣብ ማእኸላይ ዞባ ድማ ብተመሳሳሊ ከባብታት ጨላ፣ እገላ ኸባቢ ድማ ሓማቶ፡ በላሳ፡ ሆያ መደብ፣ ኣብ ራማ ከባቢ ድማ ኣብቲ ዶብ ከባቢ ዘለው ዓድታት ኣብ ትሕቲ ወራሪ ሰራዊት ኤርትራ ኣለው። ብተወሳኺ ኣብ ምብራቕ ትግራይ፡ ኣብ ወረዳ ኢሮብ ኣርባዕተ ጣብያታት ማለት እውን ወርታዕለ፣ ዓሊተና፣ ዓገረኾማንን እንዳልጌዳን ከምኡ እውን ንከተማ ዛላንበሳ ሓዊሱ ኣብ ዶብ ከባቢ ዝርከቡ ካልኦት ዓድታትን ቁሸታትን ኣብ ትሕቲ እዚ ወራሪ ሓይሊ ኣለው።

ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ዝተቆፃፀሮም ከባብታት ብዙሓት ግፍዕታት ፈፂሙ እዩ። ቅትለት ሰላማውያን ሰባት፣ ፆታዊ ዓመፅ፣ ዝምታን ምዕናውን ሃፍትን ጥሪትን ህዝቢ፣ ምጭዋይን ካልኦት ተግባራት ኣብ ምፍፃም ይርከብ። ብኻልእ ሸነኽ ኣብ ትግራይ ዘሎ ሉሕሉሕ ናይ ፀጥታ ኩነታትን ድኹም ምምሕዳራዊ ስርዓትን ተበሊፁ፡ ሰራዊት ኤርትራ ብዙሓት ዘይሕጋዊ ተግባራት ይፍፅም ኣሎ። ብፍላይ ድማ ኣብ መስመር ራማን ዛላምበሳን ዘይሕጋዊ ዝውውር ሰባት፣ ሸቓጣት፣ መዓድናትን ገንዘብን ብስፍሓት ይካየድ ኣሎ። ካብ ትግራይ

ናብ ኤርትራ ከም ጣፍ፣ መዳበርያ፣ ስሚንቶ፣ ነዳድን ዝበሉ ሸቐጣትን ክቡራትን መዓድናትን ብዘይሕጋዊ መንገዲ ይዘዋወሩ ኣለው። ካብዚ ወፃኢ ምስ ኤርትራ ኣብ ዘዳቡብ መስመር ዘለው ወረዳታት፣ ከተማታትን ጣብያታትን ዝነብር ህዝብና ውሑስ ናይ ፀጥታ ኩነታት ስለዘይተፈጠረ፤ ማሕበራውን ቁጠባውን ምንቅስቓሰት ህዝብና ተኣጓጉሉ ይርከብ።

## 2. ቀፃሊ ዕድል ኣብ ትሕቲ ጎበጣ ዘሎ ግዝኣትን ህዝብን ትግራይ ብመንፅር ድልየታትን ተግባራትን ዝተፈላለዩ ሓይልታት

ኣብ ትሕቲ ወራር ዘለው ኩሎም ቦታታት ማለት እውን ምዕራብ ትግራይ፣ ክፋላት ደቡብን ሰሜን ምዕራብን ትግራይ፣ ኢሮብን ካልኦትን ብዝኾነ ይኹን መዐቀኒ ናብ ሕቶ ክወድቕ ዘይግበኦ ህዝብናን ግዝኣትናን እዩ። ይኹን እምበር ንዝሓለፉ ሰላሳ ዓመታት ኣብ ትግራይ ዝነበረ ብስርው ስርዓት ብዝፈጠሮ ጋግ ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ ናብ ሓደጋ ወዲቑ ኣሎ። ስለዚ መፃኢ ዕድል ምዕራብ ትግራይን ካልኦት ኣብ ትሕቲ ወራር ሓይልታት ኣምሓራን ሰራዊት ኤርትራን ዘለው ቦታታት ብመንፅር ድልየታትን ጭቡጣት ተግባራትን ኣርባዕተ ሓይልታት ማለት እውን ህወሓት፣ ኣምሓራ፣ ስርዓት ኢትዮጵያን ኤርትራን ምርኣይ ኣድላዪ እዩ።

### ሀ. ህወሓት

ምዕራብ ትግራይ ንምእማኖም ዘፀግሙ ኣዝዮም ብዙሓት ግፍዕታት ዝተፈፀሙሉ ከባቢ እዩ። ከባብታት ኢሮብን ባድመን ሓዊሱ ንነዊሕ እዋን ማለት እውን ንልዕሊ ክልተ ዓመት ኣብ ትሕቲ ጎበጣ ዝፀንሑ ህዝብን ግዝኣትን ትግራይ እዩ። ክፋላት ደቡብ ትግራይን ሰሜን ምዕራብን ድማ ካብ ጥቅምቲ 2015 ኣ.ግ ጀሚሩ ኣብ ትሕቲ ጎባጢ ሓይሊ ኣምሓራ ኣትዮም እዮም። ይኹን እምበር ኣብ ምዕራብ ትግራይን ካልኦት ቦታታትን ኣብ ልዕሊ ህዝብና በቢ መዓልቱ ዝወርድ ዘሎ መከራን ነቲ ብወረርቲ ሓይልታት ዝተሓላለኽ ዘሎ ኩነታት ንምልዋጥ ዝግበር ምንቅስቓስ የለን። ህወሓት ኣብ ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ ዘለዎ መሀገራይ ታሪኽ ንፁር ኮይኑ፤ ኣብ ፕሪቶርያ ከይዱ እውን ናብ ድርድር ክቐርብ ዘይግበኦ ህዝብን ግዝኣትን ትግራይ ናብ መዋጠጢ ዘውርድ ስምምዕነት ብምኽታም ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ ናይ ምርግጋፅ ከይዲ ክተሓላለኽ ገይርዎ እዩ።

ድሕሪ ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ከም ኣካል ኣብ ጠቕላላ እቲ ህዝባዊ ቃልሲ ዘጋጠመ ድስካለ ጉዳይ ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ ግቡእ ቃልሲ ኣይግበረሉን ዘሎ። ብጥቕልሉ ምዕራብ ትግራይ ሓዊሱ ክፍላት ደቡብን ሰሜን ምዕራብ ትግራይ፣ ወረዳ ኢሮብ፣ ባድመ፣ ዘላምበሳን ካልኦትን ብሰናይ ፍቓድ ስርዓት ኢትዮጵያ ናብ ትግራይ ክምለሱ ካብ ምፅባይ ወፃኢ ጭቡጥ ምንቅስቓስ የለን። ህወሓት ጥራይ እንተይኮነስ ዝበዝሑ ውድባት ትግራይ፣ ሲቪል ማሕበራት፣'ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ'ን ካልኦት ሰብ ግደን ኣብ ትሕቲ ሓይልታት

ኣምሓራን ሰራዊት ኤርትራን ዘሎ ግዝኣትን ህዝብን ትግራይ ካብ ጎበጣ ናፃ ንምግባር ዘኽእል ናይ ዲፕሎማሲ፣ ፖለቲካን ሕግን ጭቡጥ ቃልሲ እንትገብሩ ኣይረኣይን።

**ለ. ኣምሓራ**

ኣብ መወዳእታ ጥቅምቲ 2015 ኣ.ግ ዝተፈረመ ስምምዕነት ፕሪቶሪያ መሰረታዊ ሕቶታትን ዕላማታትን ህዝባዊ ቃልስና ዝጎሰየ ብዛዕባ ምኺኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ይኹን እምበር ኣውራ ተዋሳእቲ ኲናት ፅንታ ትግራይ ዝኾኑ ሓይልታት ኣምሓራ ነዚ ስምምዕነት ክቕበልዎ ኣይከኣሉን። ብፍላይ ምዕራብ ትግራይን ካልኦት ብሓይሊ ዝሓዝዎም ቦታታትን ኣብቲ ስምምዕነት ዝተጠቐሰሉ ኣግባብ ስለዘሻቐሎም፤ እዚ ጉዳይ ዘላቒ ዕልባት ከይረክብ ብሙሉእ ዓቕሞም ኣብ ምዕማም ይርከቡ። ብኣውርኡ እዚ ጉዳይ ክፍፀም ዘገድድ ኩነታት እንተተፈጢሩ ማለት እውን ጉዳይ ምዕራብ ትግራይ ሕገ መንግስታዊ ዕልባት ክወሃቦ ዘኽእል ኩነታት እንተተፈጢሩ እውን በዚ መዳይ እውን ሰዓርቲ ዝኾንሉ ባይታ የመዓራርዩ ኣለው።

ሓይልታት ኣምሓራን ናይ ምዕራብ ትግራይ ሹመኛታቶምን፡ ምዕራብ ትግራይ፣ ክፋላት ደቡብን ሰሜን ምዕራብን ትግራይ ግዝኣት ኣምሓራን ንምግባር ሰለስተ መማረፅታት ኣነፂሮም ይሰርሑ ኣለው። ንሳቶም ድማ *ዲፋክቶ* ምቕፃል፣ ሕገ መንግስታዊ መፍትሒ ምጥምዛዝን ብሓይሊን ዝብሉ ኣማራፅታት ንምጥቃም ይዳለው ከምዘለው ካብ ሓፈሻዊ ምንቅስቓሳቶም ምርዳእ ይከኣል።

እቲ ቀዳምነት ተዋሂብሉ ዝሰርሕሉ ዘለው ብፍላይ ጉዳይ ምዕራብ ትግራይ ናብ ድርድር ከይቀርብ ብምግባር *"ዲፋክቶ"* ምቕፃል እንትኸውን፤ በቲ ሓደ ወገን ፌዴራል መንግስቲ ኢዱ ንምጥምዛዝ ናይ ሚድያ ወፍርታት ምግባር፣ ወተሃደራዊ ዓቕሚ ምዕባይ፣ ምስ ኤርትራ ርክብ ምሕያል፣ ሰላማዊ ሰልፍታት ብምግባር ፅዕንቶ ምግባር ብዝብሉ ዝግለፅ ኮይኑ፤ ብኻልእ መዳይ ምስ ኦሮሞ ኣብ ዘፃብኦም ጉዳያት ሕድገት ብምግባር (ጉዳይ ኣዲስ ኣበባን ድሬዳዋን፣ መሰልን ረብሓን ኣብ ኦሮሚያ ዝነብሩ ኣምሓራ፣ ድልድል ስልጣን ፌዴራል) ወይ ድማ ጉዳይ ምዕራብ ትግራይ ኣካል እቲ ዝዓበየ ናይ ኦሮሞን ኣምሓራን ናይ ስልጣንን ካልኦት ረብሓታትን ድርድርን እንካ ሃባ ክኸውን ብምግባር፡ ምዕራብ ትግራይ ኣካል ኣምሓራ ኮይኑ ዝቕፅለሉ ከይዲ ይኽተሉ ምህላዎም እኹላት መርኣይታት ኣለው። ምስዚ ዝዛመድ መጋቢት 24/2015 ኣ.ግ ዝወፀ ጋዜጣ ሪፖርተር *"ኣወዛጋቢ ወልቃይት"* ኣብ ዝብል ርእሲ፤ ኣብ ፕሪቶሪያ ዋና ተደራዳሪ ስርዓት ኢትዮጵያ ዝነበረ ሬድዋን

ሑሴን ንውድባት ኢትዮጵያ ኣኪቡ ዝበሎ ምጥቃስ ነዚ ጉዳይ ብዝበለፀ ዘብርህ እዩ። "ኣብ ናይ ፕሪቶሪያ ስምምዕነት ብወገን ህወሓት ብዛዕባ ወልቃይት (ምዕራብ ትግራይ) ኣይተለዓለን፣ ንዓና እውን ብዛዕባ ምዕራብ ኣጀንዳ ዘይምግባሩ ገሪሙና ነይሩ" ብምባል፤ "መዋጠጢ ቦታ ተባሂሉ ዝተገለፀ ኣብ ኢዶም ተዘይሃልዩን ተቓውሞ እውን ተዘይተላዒልሉን እቲ ዘሎ ዲፋክቶ (ምዕራብ ትግራይን ካልኦትን ብጉልበት ኣካል ኣምሓራ ምዃኑ) ብሕግን ብፖለቲካን ከም ምቅባል እዩ ዝቑፀር" ክብል ገሊፅዎ እዩ። ስለዚ ሓይልታት ኣምሓራ ብጉልበት፣ ብፅዕንቶ ወይ ድማ ብኻልእ ኣገባብ ሬድዋን *"ዲፋክቶ"* ዝበሎ ከቖፅሉ እዮም ዝደልዩ። ብኻልእ መዳይ እቲ ኣቐዲሙ ዝተገለፀ መማረፂ ግብራዊ ዘይኾነሉ ኩነታት እንተተፈጢሩ ሕጋዊ ከይዲ ምጥምዛዝ ዝከኣለሉ ኩነታት ምፍጣር ካልእ መማረፂ ሓይልታት ኣምሓራ እዩ።

ብኻልኣዋይነት ዝጥቀስ መማረፂ ድማ ሓይልታት ኣምሓራ ኣብ ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ዘሎ መሰረታዊ ስሕተት ብምጥቃም ዝኅበጥዎ ህዝብን መሬትን ትግራይ ናይ ኣምሓራ ዝኾነሉም ዕድላት ምስፋሕ እዩ። ኣብ ፕሪቶሪያ ዝተኸተመ ስምምዕነት ከምዚ ዝበለ ዕድል ፈጢርሎም እዩ። ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ልዕል ኢሉ ኣብ ዝተጠቐሰ ሕታም ጋዜጣ ሪፖርተር ሓሳቡ ዘካፈለ ሓደ ኢትዮጵያዊ ምሁር "ናይ ትግራይ ሉኣላዊ ግዝኣት ዝበሃል የለን፡ ኣብቲ ስምምዕነት እውን ኣይተጠቀሰን፤ ኣብቲ ስምምዕነት ከም ዝተጠቀሰ መዋጠጥቲ ቦታታት በቲ ሕገመንግስቲ ከምዝፍትሑ ተቐሚጡ እዩ" ይብል። ምስዚ ተኣሳሲሩ ድሕሪ ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ኣብ ዝነበሩ ሒደት መዓልታት ኣብ ፓርላማ ኢትዮጵያ ቀሪቡ ብዛዕባ ምዕራብ ትግራይ ዝተሓተተ ኣቢይ ኣሕመድ "ኣብ መሬት ዘሎ ስርሑ ይስራሕ" ብምባል ምዕራብ ትግራይ ኣካል ኣምሓራ ኾይኑ ክቕፀል ዘለዎ ድልየት ገሊፁ እዩ። ርእሰ ምምሕዳር ክልል ኣምሓራ ይልቃል ከፋለ እውን መጋቢት 26/2015 ኣ.ግ ናብ ቴሌቪዥን ኣምሓራ ቀሪቡ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ብቀጥታ ዝበሎ ዋላ እንተዘይሃለወ "ህዝቢ ትግራይ ካባና ዝደልዮ ነገር እንተሃልዩ ብዘተ፣ ብሽምንግልናን ብሕግን ክንፈትሖ ንኽእል ኢና" ክብል ምዝራቡ ይዝከር። ኣማሓዳሪ ኣምሓራ "ካባና ዝደልዎ እንተሃልዩ" ዝብሎ ዘሎ ብሓይሊ ዝሓዝዎም ዘባታት ምዕራብን ደቡብን ኢሉ እውን ሰለሰተ ወረዳታት ፀለምቲ እዩ። ዝዛረበሉ ዘሎ ዓውድን ትግራይን ኣምሓራን ዘዋጥጥ ዘሎ መሰረታዊ ጉዳይ ኣብ ግምት እንትኣቱን ይልቃል ከፋለ ግዝኣታት ትግራይ ከም ናይ ኣምሓራ ሓሲቡ ይዛረብ ከምዘሎ ዘማትእ ኣይኮነን።

እዚ ጉዳይ ብትካላት ኢትዮጵያ (ብኣውርኡ ብቤት ምኽሪ ፌደሬሽን) ሕጋዊ ዕልባት ክወሃቦ ስለዝግበር፡ እዞም ትካላት ብምጥቃምን ብምዝማዝን ኣብቲ ስምምዕነት "መዋጠጢ ቦታታት" ተባሂሎም ዝተገለፁ ግዝኣታት

ትግራይ ናብ ኣምሓራ ዝካለሉ ዕድል ምፍጣር ከም ዋኒን ሒዝምዎ ኣለው። ብፍላይ ድማ ትግራይ ኣብዚ እዋን ብግብሪ ካብቲ ፌዴሬሽን ወፃኢ ኮይና ስለዘላን ትካላት ኢትዮጵያ ዘለዎም ተፈጥሮኣዊ ውግንና እውን ግልፂ ስለዝኾነ "ሕገ መንግስታዊ መፍትሒ" ዝብል ጥቖሉል መፍትሕን ሕገ መንግስታዊ ስርዓት ኣብ ዘይኽበረሉ ሃገርን ንትግራይ ዘለዎ ሓደጋ ቀሊል ኣይኮውንን። ብኻልእ ሸነኽ ልዕል ኢሉ ከምዝተጠቐሰ እዚ ጉዳይ ሕጋዊ ዕልባት ቅድሚ ምርካቡ *"status quo ante"* ክኽበር ኣይደልዩን። ማለት እውን ኣብቲ ስምምዕነት "መዋጠጥቲ በታታት" ተባሂሎም ዝተጠቐሱን ኣብ ትሕቲ ሓይልታት ኣምሓራ ዘለውን ናይ ትግራይ በታታት፤ ቅድሚ ሕገ መንግስታዊ ዕልባት ምርካቡ ናብ ትግራይ ክምለሱ ኣይደልዩን። ብኣንፃሩ ዲፋክቶ ክቅፅል ወይ ድማ ናታቶም ድልየት ብዘማልእ 'ሕጋዊ' ከይዲ ዕልባት ክረክብ እዮም ዝሰርሑ ዘለው። ማለት እውን እቶም "መዋጠጥቲ በታታት" ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ኣምሓራ ወይ ድማ ስርዓት ኢትዮጵያ እናሃለው "ሕገ መንግስታዊ መፍትሒ" ክግበረሉ እዮም ዝሰርሑ ዘለው።

ስለዝኾነ ሓይልታት ኣምሓራ ኣብ ሰነድ ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ዝተገለፀ "ሕገ መንግስታዊ መፍትሒ" ዝብል ሓደገኛ ድንጋገ ናብ ረብሐኦም ንምጥዋይ ይሰርሐሉ ከምዘለው ርዱእ እዩ። ነዚ ዝምቹ ባይታን ኩነታትን ድማ የመዓራርዩ ኣለው። እቲ ቀዳማይ ዕላማ ዝበዝሕ ነባራይ ዞባ ምዕራብ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን እንተመዘበልዎ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ድማ ጨፍጪፎምዎ እዮም። እዚ ተግባር ኣብ ዞባ ምዕራብ ብፍላይ ዝፈጠሮ ናይ ዲሞክራፊ ለውጢ ኣሎ። ብሓይሊ ኣብ ዝሓዝወን ካልኦት ዞባታት እውን ተመሳሳሊ ተግባር ብምፍፃም ናይ ዴሞግራፊ ለውጢ ንምፍጣር ይሰርሑ ኣለው። ብኻልእ ወገን እቲ ዝተመዛበለ ብሚልዮናት ዝቑፀር ከይምለስ ልዕል ኢሎም ዝተገለፁ ተግባራት ይፍፅሙ ኣለው። ካብ ብዙሓት ከባብታት ኣምሓራ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑፀሩ ሰፈርቲ ኣምሓሩ ብምምፃእ፡ ኣብ ምዕራብ ትግራይን ካልኦት በታታትን ብምስፋር ናይ ዲሞግራፊ ሚዛን ኣዛቢያምዎ እዮም።

ልዕል ኢሉ ከምዝተገለፀ ሓይልታት ኣምሓራ ምስ ሰራዊት ኢትዮጵያን ኤርትራን ተሻሪኾም ዝኅበጥዎም ምዕራብ ትግራይ፣ዝበዝሕ ክፋል ደቡብ ትግራይን ፀለምትን ንምፅናዕ ገፋሕቲ ወተሃደራዊ ምድላዋት ካብ ምግባር ኣይበኾሩን። እቲ ኸባቢ ናይ ህልቂት ማእኸል ንምግባር ድማ ሰላማዊ ነባራይ የዕጥቕዎ ኣለው። ብኻልእ ወገን መንግስቲ ኤርትራ ምዕራብ ትግራይ ብዝምልከት ንነዊሕ ሒዝዎ ዝፀንሐ ዝንቡዕ መርገፅን ሓይልታት ኣምሓራ ንምድጋፍ ዘርኣዮ ድልየተን ብቐንዱ ድማ ካብ ፀረ ትግራዋይ መርገፂኡ ተበጊሱ ልዕሊ

ሓደ ሲሶ ህዝብን ግዝኣትን ትግራይ ንዝኀበጠ ሓይሊ ወተሃደራዊ ድጋፍ ንምግባር ንድሕሪት ከምዘይብል ዝሰሓት ኣይኮነን። ስለዚ ሓይልታት ኣምሓራ እዚ እውን ከም ሳልሰዋይ መማረፂ ሒዞም ይሰርሕሉ ከምዘለው ምርዳእ ወሳንነት ኣለዎ።

### ሐ. ስርዓት ኢትዮጵያ

ልዕል ኢሉ ከምተገልፀ ስርዓት ኢትዮጵያ ዘለዎ ተፈጥሮኣዊ ውግንና ይኹን ሓይልታት ኣምሓራ ኣብቲ ስርዓት ኢትዮጵያ ዘለዎም ፅልዋን ናይ ውሳነ ወሃብነት ዓቕምን ከምዘሎ ኮይኑ፤ እዚ ኣካል ኣብዚ ጉዳይ ዝተፈለየ ድልየት ከሕድር ይኽእል እዩ። ብፍላይ ናይ ምዕራብ ትግራይ ስትራቲጂካዊ ረብሓ፣ ጂኦፖለቲካዊ ውሳንነቱ (ምስ ሱዳንን ኤርትራን ዘላግብ ውሳኒ ቦታ ምዃኑ)፣ ናይ ትግራይ ወይ ኣምሓራ ብምዃኑ ዝኸፍሎ ተነፃፃሪ ዋጋን ጉድኣትን ብምስላሕ እቲ ናይ ስርዓት ኢትዮጵያ ስልጣን ዝሓዘ ሓይሊ ብግዝያዊነት (ሞንጎኛ ሓይሊ ኾይኑ ብምቕራብ) ኢሉ እውን ብቐዋምነንት (ሕገ መንግስታዊ ምምሕያሽ ብምግባር) ስርዓት ኢትዮጵያ ብቐጥታ ዘመሓድሮ ከባቢ ክገብሮ ይኽእል ።

### መ. መንግስቲ ኤርትራ

ንዝበዝሕ ክፋል ወረዳ ኢሮብ ሓዊሱ ብዙሓት ጣብያታትን ዓድታት ኣብ ትሕቲ ወራሪ ሰራዊት ኤርትራ ኣሎ። እዚ ሓይሊ ብወራር ንዝሓዞ ግዝኣትን ህዝብን ትግራይ ንምዕናዕ ብዙሓት ተግባራት ኣብ ምፍፃም ይርከብ። ናይ ኤርትራ መለለዪ መንነት ምዕዳል፣ ሓዱሽ ምምሕዳር ምትካል፣ ናብ ካልኦት ከባብታት ትግራይ ከይንቀሳቐሱ ምዕጋት፣ ቁጠባዊ ርክባቶም ምስ ኤርትራ ክኸውን ምስራሕን ካልኦት ተግባራትን ይፍፅም ኣሎ። ስለዝኾነ መንግስቲ ኤርትራ ዝወርሮ ግዝኣትን ህዝብን ትግራይ ናይ ምልቃቕ ድልየት የብሉን ጥራይ እንተይኮነስ ንውዕሊ ኣልጀርስ ብምጥቃስ ናይቲ ወራር ሕጋውነት ከልብስ ይፍትን ኣሎ። ብቐንዱ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ኩናት ፅንታ ትግራይ መላፍንቲ ስርዓት ኢትዮጵያ ስለዝነበረ ብሓይሊ ዝሓዞም ቦታታት ትግራይ ከም ዓስቢ ክወሃቦ ይኽእል እዩ።

## 3. ኣንፈት ምርግጋፅ ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ

- ግዝኣታዊ ሓድነትና ብዝምልከት ከም ተጋሩ ፖለቲካዊ ውግንና፣ ሃይማኖትን ማሕበረሰባዊ ደርቢ ከይገትአና ብሄራዊ ምርድዳእ ፈጢርና ንቃልሰሉ ቀዳማይ ብሄራዊ ዘዕባና ምኳኑ ብምርድዳእ ኹሉ ትግራዋይ በዓል ዋና ዝኾነሉ ቃልሲ ምግባር፤
- ኣብ ትሕቲ ሓይልታት ኣምሓራን ሰራዊት ኤርትራን ዘሎ ህዝብን ግዝኣትን ካብ ወራርን ጎበጣን ነፃ ናይ ምግባር ሓላፍነት ናይ ስርዓት ኢትዮጵያ ምኳኑ ብምእማን መፍትሒ ካብዚ ኣካል ናይ ምፅባይ ዝንባለታት ብስፍሓት ይርኣይ እዩ። ስለዝኾነ ብሓይሊ ዝተወረረ ህዝብን ግዝኣትን ትግራይ ኣካል እቲ ዝተረፈ ትግራይ ኮይኑ ዝቕፅል ብዝተወደበን ዝተናበበን ቃልሲ ተጋሩ ምኳኑ ብምእማን፤ ጉዳይ ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ ቀዳማይ ብሄራዊ ኣጀንዳ ተጋሩ ምኻኑ ብምርዳእ ዝተወደበ ብሄራዊ ቃልሲ ምግባር፤
- ኣብ ትሕቲ ጎበጣን ወራርን ዘሎ ህዝብን ግዝኣትን ነፃ እንተይኮነ ብሄራዊ ህልውና ትግራይ ኣብ ዝለዓለ ሓደጋ ከምዝወድቕ ዘማትእ ኣይኮነን። ስለዝኾነ እዚ ጉዳይ ብቀጥታ ምስ ብሄራዊ ህልውናና ዝተዛመደ ምኳኑን፤ ህልውንኡ ኣብ ሓደጋ ዝወደቐ ብሄር ዝገብሮ ቃልሲ ምግባር ኣብ ዘድልየሉ እዋንን ኩነታትን ከምዘለና ምርዳእ፤
- ወረርቲ ሓይልታት ንዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ኣብ ዝጎበጥዎ ህዝብን ግዝኣትን ትግራይ ዝዘርእዎ ከፋፋላይ ናይ ጎንፅን ረፅምን ኣጀንዳ ኣብ ግምት ዘእተወ ፖለቲካዊ ስራሕ ምውጋን ኣድላዪ እዩ። ኣብ ሞንጎ ተጋሩ ጎንፂ ከላዓዕሉ ዝኽእሉ ተግባራት ስለዝተፈፀሙ፣ ሕነ ናይ ምፍዳይ ስሚዒታትን ድልየታትን ስለዘለው ነዚታት ዘለዝብን ዝፈትሕን ከይዱ ምኽታል ወሳኒ እዩ። ብመንፅር ምርግጋፅ ብሄራውን ግዝኣታውን ሓድነት ከምኡ እውን ዘላቒ ህልውናን ረብሓን ህዝቢ ትግራይ ብምርኣይ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ዝተዘርአ ፅልኢ፣ ዝተፈጠረ ቅርሕንቲ፣ በደል ብዘላቕነት ዘሕውዩ ዕርቅን ካልኦት ማሕበረሰብ ተኮር ናይ ጎንፂ ኣፈታትሓ መንገድታትን ብምጥቃም ዘላቒ ብሄራዊ ዕልባት ምንባር ወሳኒ እዩ፤
- ግዝኣታዊ ሓድነትና ውሑስ ንምግባር ናይ ፖለቲካ፣ ሚድያ፣ ዲፕሎማስን ሕግን ኣገባባት ብምውዳድ ቃልስና ምሕያል፤

- ተፃባእቲ ሓይልታት ዝጥቀምሎም ስትራቴጂታት፣ ኣገባባት፣ ስልትታት ብምፅናዕን ብምፍላጥን ኢሉ እውን ብምእማት፤ ነዚ ዝኸብስን ዝልውጥን ናይ ቃልሲ ኣገባብ ምኽታል
- ጎበጥትን ወረርትን ሓይልታት ኣብ ዝሓዝዎ ህዝብን ግዝኣትን ትግራይ ዝፍፅምዎም ዘለው ገበናት እናተኸታተልካ ምቅላዕ፤
- ሰፊሕ ብሄራዊ ምንቅናቕ ብምፍጣር፡ ስርዓት ኢትዮጵያን ማሕበረሰብ ዓለምን ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ ንኽረጋገፅ ግቡኦም ክዋፅኡ ፅቕጢ ምሕያል፤
- ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ ንምርግጋፅ ኣብ ዝግበር ቃልሲ መሓዙት ምጥራይ። ህዝብን ግዝኣትን ትግራይ ብምውራር ብሄራዊ ህልውናና ልዕሊ ዝኾነ እዋን ናብ ሓደጋ ዘውደቑ ተፃባእቲ ሓይልታት ዘይነዓቕ ወተሃደራዊ ቅልፅም፣ ዲፕሎማሲያዊ ድጋፍን ቁጠባዊ ዓቕምን ዘለዎም እዮም። ስለዝኾነ በዞም ሓይልታት ዝተወረረ ህዝብናን ግዝኣትናን ንምምላስ ኣብ ንገብሮ ቃልሲ ብዙሓት መሓዙትን ደገፍትን ከምዘድልዩና ኣየማትእን። እዞም ሓይልታት ኣብ ፍትሓዊ ሕቶ ህዝቢ ትግራይ ዝኣምኑ፣ በደልን ጥቕዓትን ህዝብና ዝርድኡ፣ ምስ ትግራይ ናይ ሓባር ረብሓ ዘለዎም ኮይኖም፤ ምስ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ቀጠናን ኣብ ዓለም ዘለው ሓይልታት ብምምሕዛው ምቅላስ ዕላማና ኣብ ምግሃድ ዓብዪ ግደ ኣለዎ።

## 4. መጠቓለሊ

ናብ ሓደጋ ዝወደቐ ብሄራዊ ህልውና ትግራይ ናይ ምድሓን ሓላፍነት ናይ ነብሰ ወከፍ ትግራዋይ እዩ። ትግራይ ካብ ዝገጠማ ሓዳጋ ጎቲቱ ክውፅኣ ዝኽእል ግዳማዊ ሓይሊ ከምዘየለ ብምርዳእ ነዚ ሓዳጋ ኣብ ምኽባስ ይኹን ብዘላቕነት ግዝኣታዊ ሓድነትን ብሄራዊ ህልውንን ትግራይ ኣብ ምውሓስ ኩሉ ናይ እጃሙ ክዋፃእ ይግባእ። ወረርቲ ሓይልታት ኣምሓራን ኤርትራን ህዝብናን ዓድናን ጎቢጦም ንምቕፃል ኩሉ ዓይነት መማረፅታት ይጥቀሙ ምህላዎም ብምርዳእ ነዚ ዝብድህ ዝተዋደደ ዲፕሎማሲያዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ሕጋውን ናይ ሚድያን ቃልሲ ምግባር ኣዝዩ ወሳኒ እዩ። ብኣውርኡ ድማ ምውሓስን ምርግጋፅን ግዝኣታዊ ሓድነት ኢሉ እውን ምርግጋፅ ብሄራዊ ህልውና ትግራይ ቀዳማይ ብሄራዊ ዛዕባ ተጋሩ ኮይኑ ናይ ሓባር ቃልሲ ክንገብረሉ ዝግባእ ኣጀንዳ ክኸውን ይግባእ።